# ብኤርትራዊነትካ ኩራዕ

ኩሎም ስውኣትና ደሞም ዘፍሰሱ
ብሐርበኛታት ስንኩላትና ኣካሎም ዝተኸፍሎ
ፍጡር ኤርትራዊ ብመንነቱ ክሕበን ኣብኩሉ
ናይ ቀደም ኣምጺእካ ፍልልይ እንታዩ ኣምሰሉ
ኣምሰሉ ይፈልጥ ድዩ ኣበይ ከምዘሎ
ቀደም ዝበሎ ረሲዑ እቲ ዘንቀሎ
ዘይኮነ ምኽንያት ዝፈጥር ከይቅበሎ
ብውሽጢ ከብዱ ሐዊ ትሕቲ ሞቕሎ
ኣምሰሉ ዘይፈልጣ ንውሽጢ ንነብሱ
ንወያኔ ኣሚኑ ከጥፈኣ ንበለሱ
ድሐር ተጣዒሱ ክነክስ መልሐሱ
ኣምሰሉ ያዕ እንዳበለ ብእምቢታ ዘሊሉ
ኣብቲ ማዕዶ ጎረቤትና ክረኤ ተቐልቂሉ
ንታሪኽ ረሲዑ ምስኦም ክጽጋዕ ሐኪሉ
ኣምሰሉ ኣብቲ መቓብር ኣሕዋት ብጾቱ
ክተሐቓቐፍ ምስቶም ተላኺፍቲ ጸላእቱ
ዘይከውን ክነብሕ ከም ከልቢ ምሸቱ
ኣምሰሉ ምስቶም ጸላእትና ተሰሪዑ
ደምብጾቱ ረጊጹ ስጋ ክበልዕ ተጠሊዑ
ዓይኒ መሬቱ ተገቢቱ ንታሪኽ ረሲዑ
በዓል ኣምሰሉ ንናጽነት ንቃለስ ኔርና ዝበሉ
ንረብሓ ሃገር ገዲፎም ንውልቆም ክብሉ
ንገዛና ኣፍሪሶም ቴንዳባዕዲ ክተኸሉ ?
ዘይሐፍሩ ኮፍ ዝብልሉ መሬት ከይገበሩ
ከይሰርሑ ንሰድያ ክመርጹ ዝጽዕሩ
ዘይፈልጡ ኣበይ ይውዕሉ ይሐድሩ
ኣምሰሉ እንድሕሪ ዘይትፈልጣ ንነብስኻ
ኣጽጋሚዩ ካበይ መጺኻ መንኻ ባዕልኻ
ክትጽንበር ክትፈልጥ ከተኽብር ህዝብኻ
ኣምሰሉ ካብ ሃጠውቀጠው ኣሽካዕላል ጸወታ
ቁምነገር ዘይብሉ ሐሶት ሽብር ህውተታ
ንኤርትራዊ መንነትካ ፍለጥ ክትረክብ ባህታ
ብሕማቕ ካብትጽዋዕ ብሽም ቅጥፈት ዕሽነት
ብኤርትራዊነትካ ኩራዕ ብዘይቅድመ ኩነት
ምስደቂ ኤረ ሕበር ብሃገርካ ግበር እምነት
ንጉጉይ ሐሳብካ ቀይር ልበስ ኤርትራዊነት
ኣይትረስዓዮ ንሕድሪ ስውኣትና ቀለበት
ሃገር ሃገርዩ ወሃብ ፈውሲ ሰናይ ክብረት
ዓወት ንሐፋሽ

ብርሃነ ገብረመስቀል
25-12-2008